ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል ኣብ በጀት ዓመት 2019 ዓ.ም. ንእተፈላለዩ ኣገልግሎት ዝውዕሉ መሳርሒ ፅሕፈት፣ መሳርሒ ሕትመት፣ ናይ ፅሬት ኣቑሑት፣ ኣናእሽተይ መሳርሒ፣ ናይ መሸነ ፅገና፣ ናይ ኣቑሑት ገዛ ፅገና፣ ከምኡ እውን መለዋወጢ ኣቑሑት መኪናን ኣቑሑት ኤሌክትሮኒክስን ብደረጃ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ንምዕዳግ ስለዝደለየ፣

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መስከረም 11, 2019 (ቅድሚ 2 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 26, 2019 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላለ
- ቦታ:ኣክሱም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 26, 2019 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቑሑት/ ፅገና ኮምፒተርን ኤሌክትሮኒክስን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቑሑት መኪና/ ገዛ ፈርኒቸር/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ኣቑሑትን/ ናይ ቢሮ አቑሑት/

ግልፂ መልእኽቲ ጨረታ

ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል ኣብ በጀት ዓመት 2019 ዓ.ም. ንእተፈላለዩ ኣገልግሎት ዝውዕሉ መሳርሒ ፅሕፈት፣ መሳርሒ ሕትመት፣ ናይ ፅሬት ኣቑሑት፣ ኣናእሽተይ መሳርሒ፣ ናይ መሸነ ፅገና፣ ናይ ኣቑሑት ገዛ ፅገና፣ ከምኡ እውን መለዋወጢ ኣቑሑት መኪናን ኣቑሑት ኤሌክትሮኒክስን ብደረጃ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ንምዕዳግ ስለዝደለየ፣ ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ርጃሓታት ዝተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክትወዳደሩ ብኽብሪ ዕድም።

- በቲ ዘፈር ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎምን ናይ 2018/2019 በጀት ዓመት ዘድልይ ዝተሓደሰ መረዳእታ ክቕርቡ ዝኽእሉ።
- ተጨረቲ ናይ ዝተወዳደሩሉ ዘፈር ንግዲ ናይ በጀት ዓመት 2019 ዓ.ም. ዝተሓደሰ መቕረባይነት ካርድ ክቕርቡ ዝኽእሉ።
- ናይ ተወሳኺ እሴት ታክስ መረዳእታን TIN Numberን ናይ ወርሒ ነሓሰ 2018 ዓ.ም. ወርሓዊ ሒሳብ ዘወራረዱሉ ሓዊሶም ዝነበብን ግልፂ ዝኾነን ንሕድሕድ መረዳእታ ሓደ ሓደ ገፅ ክቕርቡ አለዎም።
- ተጨረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ዝተገለፀ ምኽበሪ ጨረታ ንሕድሕድ ብ CPO ወይደማ ብጥሬ ገንዘብ ክትሕዝ ይግባእ። በዚ መሰረት:
  - ንመሳርሒ ፅሕፈት: 5,500 ብር
  - ንመሳርሒ ሕትመት: 3,000 ብር
  - ንኣቑሑት ፅሬት: 500 ብር
  - ንኣናእሽተይ መሳርሒታት: 500 ብር
  - ንናይ ተሸከርካርቲ ስፔር (መሎዋወጢ አቑሑት መኪና): 5,500 ብር
  - ንፅገና አቑሑት መሸን: 3,000 ብር
  - ንኣቑሑት ኤሌክትሮኒክስን: 500 ብር
  - ንፅገና አቑሑት ገዛ: 3,000 ብር ይኸውን።
- ተጨረቲ መግዝኢ ሰነደ ጨረታ 50 ብር ብምኽፋል ካብ ዕለት 11 መስከረም 2019 ዓ.ም. ክሳብ 25 መስከረም 2019 ዓ.ም. ሰዓት 11:30 አብ ማእኸላይ ክፍሊ ዞባ ማእኸል ዳይሬክቶሬት ዕደጋን መምሕዳር ንብረትን ቢሮ ቑፅሪ 4 ብምምፃእ ሙሳድ ይኽእሉ እዮም።
- ተጨረቲ አሸነፍቲ ምኳኖም ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 3 ተኽታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልቲታት ጥርዓን ምቕባል ይከኣል። ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲታት ድማ 10% ናይ ጠቕላላ ዘሸነፉዎ ንብረት ዋጋ ብስም ክፍሊ ዕዮና ብምትሓዝ ውዕሊ ናይ ምእሳር ግደታ አለዎም።
- ተጨረቲ ዘሸነፉዎ ንብረት ብውዕሉ መሰረት አታው ክገብሩ አለዎም። መቕረባይ አታው ካብ ዘይገበረ ንብረት በብመዓልቱ ባዶ ነጥቢ ሓደ ሚኢታዊ (0.1%) ወይደማ 1 ብርእሲ 1,000 ሚኢታዊ ቅፃክ ይኽፍል።
- ተጨረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ብስተቕመጠ ዘርዘር ወይደማ በዝሒ ካብ ሕድሕድ ዓይነት ንብረት ክፍሊ ዕዮ ብ 20% ምውሳኽ ወይ ምቕናስ ዝኽእል ምኳኑ ክፈልጥ ይግባእ።
- እዚ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተኽፈተሉ መዓልቲ ጀሚሩ ካብ 11 መስከረም 2019 ዓ.ም. ክሳብ 25

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

መስከረም 2019 ዓ.ም. ን 15 ተኸታተልቲ መዓልቲታት ኾይኑ፣ ጨረታ ዝዓፀወሉ ድማ ዕለት 26 መስከረም 2019 ዓ.ም. ንጉሆ ሰዓት 3:30 ኾይኑ፣ ጨረታ ዝኽፈተሉ ድማ ዕለት 26 መስከረም 2019 ዓ.ም. ልክዕ ሰዓት 4:00 ኩሎም ተጨረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኸውን። ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ መዓልቲ ድማ ካብ ጨረታ ዝተኸፈተሉ መዓልቲ ዝቐፀር 4 ተኸታተልቲ መዓልቲታት ምኻኑ ክፈልጥ ይግባእ።

- ተጨረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ሓቶኦም እንተሃሊዎም ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ብፅሑፍ ናብ ክህ ዕዮ ክቕርቡ ይኽእሉ እዮም።
- እቲ ቤት ዕዮ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ብሙሉኡ ናይ ምስራዝ መበሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
- ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁፅሪ 0349753596 ብምድዋል ምሕታት ይከኣል።

ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle